Impressum

Berufs- und Weiterbildungsberatung BWB
Telefon 041 666 63 44
E-Mail berufsberatung@ow.ch
www.berufsberatung-ow.ch

Ausgabe 2017

Satz und Druck:
von Ah Druck AG, Sarnen



# ትምህርቲ ኣብ ስዊዘርላንድ

Informationsbroschüre für Eltern Tigrinya

Kanton Obwalden

Bildungs- und Kulturdepartement BKD
**Amt für Berufsbildung AfB**
Berufs- und Weiterbildungsberatung BWB

# Bildungswege






# ትምህርቲ ኣብ ስዊዘርላንድ

እተን ናይ ሞያ መሰልጠኒ ማእከላት ልክዕ ከም ጅምናስዩም፡ ንመንእሰያት ናይ መጻኢ ዝበለጸ መኣዝን ዘትሕዝ፡ ዕድላት ይኸፍታ። ናይ ስራሕ ዓወት፡ ዕድል ትምህርቲ ብምርካብ ጥራይ ዘይኮነ ዝውሰን`ሲ፣ ብዝያዳ ሓጎስ ኣብ ትምህርትን፣ ውጽኢት ንጥፈታትን`ውን እዩ።

ኣብ ምምራጽ ሞያዊ ትምህርቲ፡ እቲ ቀንዲ ወሳኒ ዝኾነ ነገር ውልቃዊ ድልየትን፣ ክእለትን፣ ናይ ገዛእ ርእሲ ብቕዓትን እዩ። እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ እቲ ናይ ሞያ ትምህርቲ ስቅ ኢሉ ንውልቃዊ ክብሪ ሰብ ምያ ንኽህልዎ ተባሂሉ ዝውሃብ ወይ ኣብ ናይ ሽቕለት ዕዳጋ ዘተኮረ ጥራይ ኣይኮነን።

20 % መንእሰያት ኣብ ስዊዘርላንድ ትምህርቲ ጅምናስዩም ይመርጹ፡ እሞ ብማቱራ ይምረቑ። 70 % ድማ ኣብተን ልዕሊ 200 ዝኾና ብደረጃ ሃገር ዝተፈልጣ፡ ዝተፈላለያ ናይ ሞያ ኣብያተ ትምህርቲ (EBA ወይ EFZ) ይመሃሩ።

እቶም ዝኾነ ናይ ሞያ ትምህርቲ ዘይረኸቡ መንእሰያት፡ ዋላኳ ናይ ሞያ ምምራጽን ናይ ስራሕ ቦታ ድሌትን እንተሃለዎም፡ ክሳብ ዕድል ዝረኽቡ፡ ኣብዚ ብሩከን ኣንገቦት ዝበሃል ቤት ትምህርቲ እንዳ ተማሃሩ ይጸንሑ።

እዚ ስርዓት ትምህርቲ፡ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ክትምሃር ዘፍቅድ፡ ብጣዕሚ ተዓጻጻፊ እዩ። ንኣብነት ሓደ ሰብ ብናይ ሞያ ትምህርቲ እንተድኣ ጀሚሩ፡ ጸኒሑ ድማ ብድሕሪ ማቱራ ትምህርቲ፡ ናብ ዝለዓለ ናይ ሞያ ትምህርቲ ወይ ዩኒቨርስቲ ክመሃር ይኽእል።

ንነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ፡ ከምኡ`ውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓውዲ ትምህርቲ ናይ ምቕጻልን ምምዕባልን ዕድላት ኣሎ። ሓደ መምርሒ ጭርሖ ኣሎ፡- ብዘይ ምቕጻል መወዳእታ የለን፡ ዝብል እዩ። ብደረጃ ሃገር ዝተፈልጠ ትምህርቲ ምውዳእ፡ ተወሳኺ ትምህርቲ ናይ ምቕጻልን፡ ናብ ካልእ ሞያ ናይ ምቕያርን መገዲ ይከፍት።

እተን ዝበዝሓ ናይ ሞያ ጨናፍራት፡ ብተግባር ዝተሰነየ ሞያዊ ዓቕሚ፣ ምስ ናይ ሞያ ፈተና (BP)፣ ዝለዓለ ናይ ስነ ፍልጠት ትምህርቲ ፈተና (HFP) ወይ ድማ ምስ ዝለዓለ ናይ ስነ ፍልጠት ትምህርቲ (HF) ዘለዎም ሓይሊ ሰብ ይደልያ። ስለዚ እቲ መምዘኒ ማቱራ ዲፕሎማ ጥራይ ኣይኮነን።

ኣብ ኩለን ናይ ስራሕ ትካላት ዓቢ ናይ ደሞዝ ፍልልይ ኣሎ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ምምሃር፡ ልዑል ደሞዝ ንምውሳድ ኣወንታዊ ጽልዋ ኣለዎ።

እቶም ዝኾነ ሞያ ዘይብሎም ወይ ትምህርቲ ዘይተማህሩ፡ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ስራሕ ከይረኸቡ ናይ ምጽናሕ ሳዕቤን ልዑል እዩ። ስለዚ ትምህርቲ ካብ ስራሕ ምስኣን የድሕነና።